# መሰረታዊ ፍታሕ ማለት....

ህዝብታት ኤርትራ ካብ ኣርዑት ባዕዳዊ መግዛእቲ ነጻ ካብ ዝወጹ 13 ዓመት ሓሊፉ ኣሎ። ብኻልእ ኣዘራርባ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ መቑሕ ወዲ ሃገር ገዛኢ ስርዓት ካብ ዝወድቁ ብኽንድኡ ልዕሊ 13ዓመታት ኮይንዎም እነሆ። 13ዓመት ኣብ ትሕቲ ሕሱም ደርባዊ፣ ብሄራዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ማሕበረ-ምጣኔ ሃብታውን፣ ቅልውላው ተመቒሖም ይርከቡ። ብኻልእ መዳይ ድማ፡ ካብ ህግደፋዊ ባርባራዊ መቑሕ ንምውጻእ ቀላጽሞም ኣተሓባቢሮም ደመኛ ጸላኢኦም ንምቅባጽ፡ እቲ ሸቶኡ ከይሃረመ ዘይዝሕል፡ ሰውራዊ ናይ ለውጥን ዓወትን ናዕቢታቶም፡ ኣብ ምጉህሃር ይርከቡ ኣለው። ብሄራትን ብሄረ ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ ምንም እኳ እዚ ክመጸናዩ ዝብል እምነት እንተዘይ ነበሮምን፡ ናብ ዳግማይ ቃልሲ ክኣትው ምርጭኦም እንተዘይ ነበረን፡ብሰንኪ ንቑጽ ይነድድ ርሑስ ከምዝበሃል፡ ብሰንኪ እቲ ሃላሊ ወተሃደራዊ ስርዓት ህግደፍ ኣጣይስዎ ዘሎ፡ ብዘይካ ናይ ባዕሉ ሓሳብን ድምጽን ናይ ካልኦት ዘይሰምዕ፡ ኣብ ኩሉ ኣነ ኩሉ ንዓይ በሃላይ፡ ስሱዕ መንግስቲ፡ ኣንፈቶም ናብ'ዚ ዘይተርፍ ምስልሳል ሓርነታዊ ቃልሲ ከብሉ ግድን ኮይኑ ኣሎ።

ብርግጽ እዚ ናይ ሎሚ ተርእዮ፡ ንኹሉ ብማዕረ ሃንደበት ጋሻ ውሕጅ ኮይኑ ዝመጸ ወይ ድማ፡ ዱብ በላ ካብ ሰማይ ዝወረደ ናጤባዩ ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን። ታሪኽን ተመክሮን፡ ነዚ ናይ ትማሊ ውድብ ህ.ግ.ሓ.ኤ.፡ ናይ ሎሚ መንግስቲ ህግደፍ፡ ካብ ውልደቱ ክሳብ ዕብየቱ ናይ ቀረባ ኣፍልጦ ዝነበሮም ሕጂ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ካብ ዝርከቡ ገለ ፖለቲከኛታት፡ ካብ ጭቡጥ ባህሪኡ ተግባሩን ተበጊሶም፡ ኣብ ዝህብዎ ዝነበሩ ፖለቲካዊ ገምጋም፡እዋን መንግስታዊ ተፈታውነቱን ሕጽኖቱን፣ እዋን መንግስታዊ ተነጽሎኡን እርጋኑን ኣብ ሰማኒያታት ዊንታዊ ትምኒት ዝመስል፡ ኣብ መፋርቕ ተስዓታት ገሃድ ዝኾነ፡ ሓቀኛ ሚዛን የተንብሁ ነይሮም'ዮም። እዚ ኣብ ደረጃ ስፍሓቱን ዕ ምቆቱን ናይ ተረድኦ ክህሉ ዝኽእል ድሩትነት ክፉላለ እንተዘይ ኮይኑ፡ ብጭቡጥ ኣብ ህዝቢ ይበሃልን ኣስተምህሮ ይወሃበሉን ምንባሩ ኣፉዊ ታሪኽ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ጽሑፋዊ ሰነዳት ዘረጋግጽዎ ሓቂ'ዩ።

ወግዓዊ ልሳን ተሓኤ-ማመ (ናይ ሎሚ ህደግሓኤ-ሳግም) መጽሄት ሳግም ቁ16 ታሕሳስ 1989 "<u>ህዝባዊት ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንምምስራት ንቃለስ</u>" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ኣብ ገጽ 12 ከምዚ ዝስዕብ ሰፊሩ ይርከብ። "*እቲ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ስርዓት ዝተክል ብዓብላልነት ካብ ውሽጢ'ዚ ሎሚ፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዘሎ ውድባት'ዩ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ክሳብ ሎሚ፡ ኣብ መንጎ ውድባት ዘሎ ካልኣውን ዘይመሰረታውን ግርጭታት ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ ክፈትሕ ዝኽእል ሓይልን ኣረኣእያን ላዕለዋይ ኢድ ኣየረጋገጸን። ንግርጭታት ብግቡእ ዝኣልን ዘመሓድርን ናይ ህዝቢ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ብግቡእ ክሕሉ ዝኽእልን ኣይኮነን። ስለዚ ብቐንዱ እቲ ጽባሕ ኣብ ኤርትራ ዝትክል ስርዓት በቶም ካብ ሕድሕድ ምቅንጽጻልን ምብሓትን ኣረኣእያታት ሓራ ዘይኮኑን፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ዝለዓለ ነገራውን ሰብኣውን ዓቕምታት ወኒኖም ዘለውን እዮም ክኾኑ። ካብ'ቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዘሎ ውድባት ህግሓኤ ዝለዓለ ሰብኣውን ነገራውን ዓቕሚ ወኒኑ ከምዘሎ መጠን፡ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ብዓብላሊ ሸነኹ ስርዓት ናይ ምትካል ዝሓሸ ዕድል ኣለዎ። እቲ ብህግሓኤ ዝትከል ስርዓት ድማ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ሎሚ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝኽተሎ ዘሎ ቅዋማትን ኣገባብ ኣሰራርሓን'ዩ ክኸውን። ኣብ ሜዳ ናይ ህዝቢ ደሞክራሲያዊ መሰላት ዘየኽበረ ውድብ፡ መንግስታዊ ስርዓት ምስ ተኸለ'ውን ኣየኽብርን'ዩ። ሎሚ ምስ ውድባት ዘለዎ ግርጭት ብደሞካራሲያዊ ኣገባብ ክፈትሕ ዘይበቐዐን፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብነጻ ከይንቀሳቐሳ ዝቐንጽል ዝነበረን ዘሎን ውድብ፡ ኣብ ነጻ ኤርትራ ዝተፈላለየ ኣረኣእያታት ዘለወን ውድባት ብነጻ ክንቀሳቀሳ ሰቕ ኢሉ ክርኢ ኣይክእልን'ዩ። እዚ ኣብ ሜዳ ዝኽተሎ ዘሎ ቅዋማት፡ ኣብ መጻኢት ኤርትራ'ውን ዝቕጽሎ ኣሰራርሓታት'ዩ ዝኸወን። እዚ ካብ ጭቡጥ ናይ መሪሕነት ህግሓኤ ዘይደሞክራስያዊ ባህሪ ዝነቅል'ዩ። ደሞክራስያዊ ባህሪ ዘይብሉ ውድብ ዝተኽሎ ስርዓት ድማ፡ ደሞክራስያዊ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ*" ይብል።

ቀጺሉ ኣብ ገጽ 13፡ "*ብስም ህዝባዊ ምርጫ ብሃገር ደረጃ ኣብ በቦትኡ ህዝባዊ ባይቶታት እንዳተባህሉ ዝጽውዑ ትካላት ክቖሙ ይኽእሉ'ዮም። ብስም ሰራሕተኛታት፣ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ሓረስቶት፣ ተመሃሮ፣ መናእሰያት...ወዘተ ዝቖማ ህዝባዊ ማሕበራት ክህልዋ'የን። እዚኦም ኩሉም እምበኣር፡ ካብ'ቲ መሳርሒ ክኾንዎ ዘቖሞም ስርዓት ወጻኢ ዝግለጹ ኣይኮኑን። እቲ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ክስዕብ ዝኽእል ስርዓት፡ እዚ ዓይነት ስለ ዝኾነ ነጻነት ከይመጸ ይትረፍ ናብ ዝብል መደምደምታ ምብጻሕ ግጉይ'ዩ። ኩሉ ኤርትራዊ ውድባት ንሃገራዊ ዕላማታት ደው ክሳብ ዝበለ ዝኽተሎ ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን መስመራት ብዘየገድስ፡ ኣብ ነንሕድሕዱ ተደጋጊፉ ኣብ'ቲ ኣንጻር*

*ጸላኢ ዝግበር ዘሎ ቃልሲ ብሓባር ክቃለስ መሰረታዊ ተደላይነት'ዩ። እዚ ናይ ሃገራዊ ነጻነት ጉዕዞ ቀልጢፉ ክሰላሰል እቲ ቃልሲ ኣናቓጸለ ብዛዕባ እቲ ዝመጽእ ስርዓት ምፍላጥን ምሉእ ዓወት ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ዕላማታት ሰውራ ኤርትራ ንምርግጋጽ፡ ብዛዕባ ከመይነቱ ምርኣይን ድማ፡ ተወሳኺ መሰረታዊ ተደላይነት'ዩ"* ይብል።

እዚ ፖለቲካዊ ተንታን'ዚ፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ምድምሳስ መግዛእቲ ኣብ 1989 ዝተጻሕፈ'ዩ። እነሆ ድማ ሎሚ፡ ትንቢት ዘይኮነስ ሓቂ ኮይኑ ህዝብን ሃገርን ከዕኑ ኣብ ባይታ ይረአ ኣሎ። ህግደፍ ክንዲ ዝኾነ ብዛዕባ ደሞክራስያውነቱ ይጨርሕ ይመጻደቕ፡ ብዝተፈላለየ ኣስማት ዝጽዋዕ ዘይደሞራስያዊ ትካላት ይመስርት ብዘየገድስ፡ ሓቀኛ ደሞክራስያዊ ስርዓት ክኸውን፡ ነጻ ናይ ህዝቢ ደሞክራስዊ ትካላት ከጣይስ ኣይክእልን'ዩ። መን ዝዓደሎ ካበየናይ ደርባዊ ባህሪኡ ዘምጽኦ ህዝባዊ ደሞክራሲ። ህዝባዊ ደሞክራሲ ዕላማታት ካብ ህዝባዊ ባህርን እምነት ዝነቅል'ምበር ብሓይልን ትእዛዝን ዝወሃብ ወይ ብትኳቦ ዝልገስ ኣይኮነን።

ባዕዳዊ መግዛእቲ ብቐልጽም ሓፋሽ ብኣካልን ብሕልናን፣ ብተግባርን ብሕግን፣ ንሓንሳእን ንሓዋሩን ተጸራሪጉ እኳ እንተወጸ፡ ጽግዕተኛ ስርዓት ብሰንኪ ምምስራቱ ኣብ ፖለቲካዊ ህይወት ናይ ህዝብታት ኤርትራ፡ ካብ ስማዊ ነጻነት ዝሓልፍ ለውጢ ኣይተመዝገበን። እቲ "እንኮስ ደርግን ዓንገልቱን ካብ መሬትና ተጻራሪጎም ይውጽኡ'ምበር ኩሉ ጸገማትና ሽውንሽው ክሕረድ'ዩ ዝብል ዝነበረ ሰናይ ባህግታት ክሰምር ኣይከኣለን። ነቲ ኣብ ህዝብታት ኤርትራ ዝነበረ ልዑል ናይ ሰላም፣ ደሞክራስን ዕብየትን ራኢ፣ ሕድሕዳዊ ፍቕርን ተወፋይነትን፣ ናይ ስራሕ ህርኩትነትን፣ ብብቕዓት ጠርኒፉ ከመሓድር ዝኽእል ብንጹራት መትከላት ህዝባዊ ደሞክራሲ ዝምራሕ፡ ርእይቶ ህዝቢ ዝሰምዕን ዘተግብርን ብሕጊ ዝምእዘዝን ዝቕየድን ልዕልነቱ ዘረጋገጸ መሪሕ ደሞክራስያዊ ሓይሊ ስለ ዘይተረኽበ፡ ካብ ጽባሕ ነጻነት ጀሚሩ በቲ ንነብሱ ከም እንኮን መተካእታ ዘይብሉን መሪሕ ብቑዕን ውፉይን ሓይሊ ገይሩ ዝገልጽ ውድብ ህግደፍ ክዕንጸል ጀመረ።

መጽሔት ሳግም ኣብ መበል 16 ሕታማ ክኸውን'ዩ ኢላ ዝኣመተቶ እንትርፎ ክውሰኽ ከይቀነሰ፡ እንትርፎ ክቕልጥፍ ከይደንጎየ ኣብ ሓጺር እዋን 'ዩ ኣብ ተግባር ውዒሉ። እቲ "*ካብ ናይ ነጻነት ሓይልታት ዝለዓለ ሰብኣውን ነገራውን ዓቕሚታት ወኒኑ ዘሎ ህግሓኤ ስለ ዝኾነ ነጻነት ብመሪሕነት ህግሓኤ 'ዩ ዝዕወት፣ ይኹን'ምበር ኣብ ሜዳ ኤርትራ ንካልኣዊ ፍልልያትን ግርጭታትን ብሰላማውን ደሞክራስያውን መንገዲ ክፈትሕን ከመሓድርን ዘይከኣለ ብመትከል ዘይግዛእ ዘይደሞክራስያዊ ሓይሊ ብምኳኑ፡ ብምልኣት ናይ ህዝብታት ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ዘኽብር፣ ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታትን ውዳቤታትን ብነጻ ክንቀሳቐሱ ዘፍቕድ፣ ደሞክራስያዊ ስርዓት ክተክል ኣይክእልን'ዩ"* ዝብል ፖለቲካዊ ገምጋም ሓቂ ኮይኑ። ጸሓፍቲ መጽሔት ሳግም፡ እዚ ክጽሕፉ እንከለው ንተሞክሮ ሓይልታት ሰውራ ብሓፈሻ፡ ንባህርን ተግባርን ህግሓኤ ከኣ ብፍላይ፡ ሕርሕራይ ግይሮም ዝፈልጡ ንሓጺር ዘይኮነስ ንነዊሕ ዝጥምቱ ፖለቲከኛታት ምንባሮም'ዩ ዘመልክት።

መሰረታዊ ጸገም ናይ ህዝብታት ኤርትራ ንደርግን ዓንገልቱን ብኣካልን ብሕግን ብምስዓርን ነጻነት ብምእዋጅን ጥራሕ ዝፍታሕ ኣይኮነን። ጸገማትና ብዘተኣማምን መንገዲ ክሕረድ፡ ጎኒ ንጎኒ ምስቲ ብረታዊ ቃልሲ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ንምምስራት ንቃለስ፣ ንንቃሕ፣ ኣብ ዙርያ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ፕሮግራም ንዕሰል፣ ንወደብ ዝብል ናይ ቃልሲ ኣንፈት ምሕባሮም ካብ መስመር ዝወጸ፡ ኣብ መሬት ዝነጥብ ሓሳብ ኣይነበረን። ካብ'ዚ ሓቀኛ ተመክሮ'ዚ ክውሰድ ዘለዎ ትምህርቲ'ምበኣር መሰረታዊ ፖለቲካዊ ፍታሕ ክመጽእን ዘይክመጽእን ንቀዳማይ ጸላኢ ብሓይሊ ብረት ብምድምሳስን ምስዓርን ጥራሕ ናይ መወዳእታ መኸምበቲ ክኸውን ከምዘይክእል'ዩ። ብርግጽ ቀዳማይ ጸላኢ ከም ናይ'ቲ ዘለዎ መድረኽ፡ ናይ ኩሉ ሽግራት ጠንቂ መጠን፡ ብዘየዳግም ክህረም ኣለዎ። ማዕረ ማዕሪኡ ብድሕሪ ምድምሳስ ቀዳማይ ጸላኢ'ኸ ናበይን ብኸመይን ክንከይድ ኣለና ዝብል ርሑቕ ዝጠመተ ንጭቡጥ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ኩነታት ናይቲ ህዝቢታት ኣብ ግምት ዘእተወ ራኢ ምውናን ብተግባር ብኡ ምስራሕን ድማ፡ብቕዓት'ዩ።

ነዚ ቅድሚ ነጻነት ዝነበረ፡ ፖለቲካዊ ኣስተምህሮን ጠመተን ብኸምዚ ምቕራብይ፡ ከም ተመክሮ ይጠቅም'ዩ ካብ ዝብል እምበር ናይ ሕጂ ቀንዲ ዋኒነይ ስለ ዝኾነ ኣይኮነን። ልክዕ ከምዚ ሎሚ፡ ኣንጸላልዩና ዘሎ ፋታኒ ናይ ሞትን ሕየትን መድረኽ፡ ኣብ ዝነበርናሉ እዋን፣ ቀዳማይ ጸላኢ እንተተጸሪጉ በቃ፡ ዝተማልአ ሰላምን ደሞክራሲን ክሰፍን'ዩ ንዝብል ዝነበረ፡ ጽቡቕ ትንቢታት ዝዕ ብለሎ ኣረኣእያታት፡ ብተግባር ትንቢታት ጥራሕ ኮይኑ ምትራፉ፡ ብተመሳሳሊ ጨፍላቒ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ብወተሃደራዊ ሓይሊ እንተተደምሲሱ፡ ኩሎም ሽግራት ናይ ህዝብታት ኤርትራ ንሓንሳእን ንሓዋሩን ምስ ህግደፍ ክቕበሩ'ዮም ዝብል ኣረዳድኣካብ ክውንነት ወጻኢ ገነታዊ ኣተሓሳስባ ዝዓብለሎ ከይከውን ዳግመ ርእይቶ ዘድልዮ ምኳኑ ንምርዳእ'ዩ።

ኣብ'ዛ ዘለናያ መድረኽ፡ ህዝብታት ኤርትራ ልዕሊ ሃላሊ ወተሃደራዊ ስርዓት ህግደፍ ዝስራዕ፡ ቀዳማይ ጸላኢ የብሎምን። መሻኺ ወተሃደራዊ ስርዓት ህግደፍ ኻኹሉ ናይ ሰላም መፋትሕ፡ ማዕጾ ሰላም ከም ዘይኽፍት ገይሩ ካብ ዘበላሸዎ ብዙሕ ዓመታት ኣቕጺሩ'ዩ። ህግደፍ እንኮን መጋላባጢ ዘይብላን መፍትሒ ሓሳብ ኢሉ ዝሪኣ፡ ዒም ዝበለ ይተሓጎም፣ ካብ ህግደፋዊ ኣተሓሳስባት ወጻኢ ዝኸይድ ኩሉ፡ ስሙ ሓምሻይ መስርዕ፣ ጀሃድ፣ ትሕቲ ሃገራዊ ስሚዒት፣ ከዳዕ....ወዘተ'ዩ። ፍርዱ ድማ፡ እቲ ዝነኣሰ ማእሰርቲ፡ እቲ ዝዓበየ ድማ ሞት 'ዩ ኢሉ፡ ብወግዒ ክሰርሕ ዝጸንሓን ዘሎን ንብዙሓት ዜጋታት ኣብ ምእሳር፣ ምጭዋይን፣ ምቕንጻልን ከም መዓልታዊ ዋኒኑ ዝሓዘ ስርዓ ት'ዩ። መዓስ እዚ ጥራሕ፡ ፖለቲካዊ ምስልና ዝዓየነ፣ ቁጠባና ዝረመሰ፣ ባህልና ዘራኸሰ፣ ማሕበራዊ ህይወትና ዝሓመሰ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት'ውን'ዩ። እዚ ኣብ ባይታ ዝረአ ዘሎ ሓቂ'ዩ። ዝበዝሕ ኤርትራዊ ብምረት ዝገልጾን መዓልታዊ ብሓዘንን ከልበትበትን ስደትን ዝሳቐየሉ ዘሎን'ዩ። ድሕሪ ብዙሕ ዘይግቡእ ሕንቃቐን፡ እንዳፈለጥካ ድቃስን፡ ማሕበረሰብ ዓለም'ውን ኣብ ልዕሊኡ ርኡይ ተቓውሞኡን ኩናነኡን ዘስመዓሉ ዘሎ መድረኽ'ዩ።

ካብ'ዚ ሕሰም'ዚ ንምግልጋል እምበኣር፡ኣብ ቅድሚ ህዝብታት ኤርትራ ዘላ እንኮ ምርጫ፡ ነዚ ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊ ክብርና፣ ደሞክራስያዊ መሰልና፣ ልዑላውነትና፣ ዝሽካዕልል ዘሎ ሰብ መሰል ኣራዊት ስርዓት ህግደፍ፡ ነተን ዘኾለሳ'ሞ ዝተነኽሳ የእዳው፣ ነቲ ዝኣመነ'ሞ ኣብ ሰጣሕ ጎልጎል ዝተኻሕደን ዝተጠልመን ኣተሓሳስባታት፣ ነቲ ሰሰናዩ ዝተጸበየ'ሞ ከም ብሓያል ደርቂ ተወቒዑ ኣብ ፍረ-ከይበጽሐ ዝሃጎን እኽሊ ዝቐምሰለ ንጹህን ግሩህን ሕልናታት፡ ኣተሓባቢርካ በቲ ዝርደኦ ቋንቋ ስነ-መጎት ሓይሊ ክግጠምን ካብ ስሩ ተማሕዩ ክለቅቅን ምግባር'ዩ። እዚ ነቲ ኩለ መዳያዊ ቃልሲ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ዝብል ፖለቲካዊ ቻርተር ሃምኤ ዝዳፋእ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ንዕኡ ከምዘለዎ ቅቡል ብምግባር፡ ግን ድማ፡ በቲ ክሳብ ሕጂ ኣናረኣናዮን እናተገንዘብናዮን ዝመጻእና፡ ነቲ ብትምክሕቲ ዝዓወረ፡ ናፋቒ ህውከትን ኩናትን ህግደፋዊ ስነ-ኣእምሮ፡ ዝስቆሮ ቋንቋ ንሱን ንሱን ጥራሕ'ዩ ዝብል እምነት ስለ ዘለኒ'ዩ። እዚ ግድን ክኸውን ዘለዎ ሓቂ'ዩ። እዚ ኣገባብ'ዚኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ናይ ዝበዝሑ ኤርትራውያን ናይ ቃልሲ ምርጫ ውን'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ።

ይኹን እምበር እዚ መድረኽ'ዚ ልክዕ ከምቲ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝነበረ ኩነታት እቲ ደሞክራስያዊ ኣረኣእያታት ኣብ ህዝቢ ብስፍሓት ዝሰረጸን ላዕለዋይ ኢድ ዝሓዘን ብዘይ ምዃኑ ናይ'ቲ ቃልሲ ውሕስነት ዘየሰክፍ ኣይኮነን። ህዝብን ሃገርን ብዘተኣማምን መንገዲ ዘድሕን፡ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ፍታሕ ዘረጋግጽ፡ ክንሱ መጠነ ጽልውኡ ኣብ ህዝብታት ኤርትራ፡ ስፍሓትን ዕምቆትን ናይ ውዳቤኡን መስመራዊ ኣረኣእያኡን ስርጸቱን፡ ገና ኣብ ዝተሓተ ብርኪ ኮይኑ'ዩ ዝዋሳእ ዘሎ። ነቲ ከካብ ናቱ ወጽዓታትን መበገሲታትን፡ ነቒሉ ብዝተፈላለየ ኣረኣኣያታትን መልክዕ ውዳቤታትን፡ ኣብ ዙርያ ደምበ ተቃውሞ ኮይኑ፡ ዝዋሳእ ዘሎ ሓይልታት፡ ናቱ ርኡይ ናይ ኣላይነት መሪሓዊ ተራ ኣብ ክጻወተሉ ዝኽእል ብርኪ ኣይበጽሐን ኣሎ። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ኣንፈት ናይ'ዚ መድረኻዊ ቃልሲ'ዚ ብዓብላሊ፡ ንደመኛ ጸላኢና ስርዓት ህግደፍ ብምድምሳስ ጥራሕን ጥራሕን መሰራታዊ ፍታሕ ክረጋገጽ ይኽእል'ዩ ናብ ዝብል ግጉይ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ገጹ ዝኸይድ ዘሎ ይመስል። ብርግጽ ስዕረት ናይ ህግደፍ፡ ምቅልጣፍ ሓደ ካብ ሕቶናን መደብናን'ዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ምምላስ ቀዳማይ ሕቶና'ውን ምዃኑ ርዱእ'ዩ። እዚ ማለት ግን፡ እቲ ኩሉ ብህዝብታት ኤርትራ ዝጥለብ ዘሎ፡ ወይ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰል ናይ ህዝብታት ኤርትራ ዝዕንቅፍ ዘሎ ናይ ትምክሕትን ጽበትን ኣረኣእያታት፡ ህግደፍ ስለ ዝተሳዕረ ጥራሕ ሽዑ ንሽዑ ዝውገድ /ዝፍታሕ/'ዩ ማለት ኣይኮነን። ካብ ሕጂ ጀሚርካ ግቡእ ቃልስን ጠመተን እናተገብረሉን ብደሞክራስያዊ ኣረኣእያታት ኣንዳተሳዕረን እንተዘይ ከይዱ፡ ልክዕ ከምቲ ንሪኦ ዘለና ተግባራት ህግደፍ፡ ኣብ መጻኢ ሕማም ደሓር ኮይኑ፡ ኣብ ሽግር ኣየውድቐናን ማለት ምሒር የዋህነት'ዩ። ብሐጺሩ እዚ ኣብ ደምበ ሓይልታት ተቓውሞ ዝረአ ዘሎ ናይ ትምክሕትን ጽበትን ኣረኣእያታትን ናይ ኣረኣእያ ዘይኑጽርነት፡ ብግዝያዊ ጭንቕንቕ ተገዚኡ ግቡእ ጠመተ ከይተገብረሉ፡ “ካብ ንዓ መታ ደርሆስ ኣብ ኢድ እንቋቑሖ” ብዝዓይነቱ መን እንታይ ይብል ብንቕሓት እንተዘይ ተታሕዙን ዘይተመኪቱን ብይኹን ይኹን ፖለቲካዊ ሸባዕባዕ ክስገር እንተተመሪጹን፡ መለሳ ቆሎ ጥጥቖ ከምዝኸውን ምንም ጥርጥር የብሉን። ንኣብነት ኣብ ደምበ ሓይልታት ተቓውሞ ኣብ ብዙሓት ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ሃገራዊ ጉዳያት፡ ርኡይ ናይ መትከል ፍልልያት ኣሎ'ዩ። ናይ መትከላት ፍልልያት ድማ፡ ካብቶም ቅድሚት ክመጹን ግቡእ ቃልሲ ክካየደሉን ዘለዎም ሕቶታት'ምበር ብዕ ሽሽታ ዝሕለፉ ኣይኮኑን። መሰረታዊ ፖለቲካዊ ፍታሕ ማለት፡ ኣብ ምድምሳስ ቀዳማይ ጸላኢ ጥራሕ ደው ዝብል ዘይኮነስ ክኒዮኡ ዝኸይድ'ዩ።

ብእምነተይ እምበኣር እቲ ከም ህዝባዊ ፖለቲካዊ ስልጣን፣ ሕቶ መሬት፣ ሕቶ ነጻ ሃገራዊ ኢኮኖሚ፣ ሕቶ ብሄር፣ ሕቶ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ፖሊሲ፣ ...ወዘተ መትከላት ናይ ህዝባዊ

ደሞክራስያዊ ሰውራ ዝኾኑ፡ ዘይስገሩ ወሰንቲ ረቛሒታት ብቓልሲ ሓፋሽ ልዕልነቶም ከየረጋገጹ፡ ምልኣት ዘለዎ መሰረታዊ ፍታሕ ክመጽእ'ዩ ዝብል እምነት የብለይን። እዚ ኣረኣእያ'ዚ፡ ንጭቡጥ ወድዓዊ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ንቕድሚት ኣረሒቑ ዝጠመተ ዘተኣማምን መድሕን ህዝብን ሃገርን'ዩ። ኣብ ሕቶ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ስልጣን፣ ናጻ ሃገራዊ ኢኮኖሚ፣ ፍትሓዊ ናይ መሬት ፖሊሲ፣ ናይ ወጻኢ ቅዋምን ኣብ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ወዘተ...ዘለዎ መርገጽ ብንጹር ከየቐመጠን ድልዱል ውሕስነት ከይተሃንጸሉን፡ መሳኺ ኢሳያስን ጸረ-ህዝቢ ውድቡ ህግደፍን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ብሓይሊ ብረት እንተተደምሲሱ፡ ብቕጽበት ሽዑንሽዑ መሰረታዊ ፍታሕ ክረጋገጽ'ዩ ዝብል ተረድኦ፡ እቲ ኣብ ሃገርና ነጊሱ ዘሎ ኩለ መዳያዊ ሕሰምን መከራን ዝደፍኦን ርሑቕ ኣማዕዲዩ ዘይረኣየ ሰናይ ድልየታት ጥራሕ'ዩ።

እቲ ኣብ መንጎ ደንበ ሓይልታት ተቓውሞ ምስ'ቲ ኩሉ ውድዓውን ባዕላውን ጸገማቱ ዝረአ ዘሎ ናይ ብሓባር ተላፊንና ንስራሕ ተስፋታት ብሓፈሻ፡ ሃምኤ ኣብ 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነቱ ዘጸደቖ ንቡዙሓት ኣረኣእያታትን መልክዕ ውዳቤታትን ዝሓቖፈ፡ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ብሓባር ዘቃልስ ዝማዕበለ ፖለቲካዊ ቻርተር ድማ ብፍላይ፡ ብስሚዒት ዘይኮነስ ብመትከላዊ ንቕሓትን ዕግበትን ብቕንዕና፡ ንዓንድታቱ ዘለና ምእዙዝነት፡ ንድልዳሌኡን ቀጻልነቱን ዘለና ድልውነትን ብማዕረን ብተግባርን እንተተዋሲእና ጎደና መሰረታዊ ፍታሕ ኣብ ምምችቻው ዝህልዎ ግደ ብጣዕሚ ዓቢዩ'ዩ። ምኽንያቱ ናይ ሓባር ቀዳማይ ጻላኢ ብሓባር ምህራምን፡ ኣብ መቓብሩ እምነ መሰረት ናይ ደሞክራስያዊ ሕብረ-ሰልፋዊ ስርዓት ምንጻፍን ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ንመሰረታዊ ፍታሕ ስለ ዝኾነ።

እቲ ሓቂ ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ስርዓት ህግደፍ ከም ስርዓት ኢሳያስ ድማ ከም መሳኽን ወሳንን ባእታ፡ ካብ ስልጣን እንተተ ወጊዱ፡ ምሉእ ሰላም ደሞክራሲሰፊኑ ኣሎ፣ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ተረጋጊጹ'ዩ ማለት ከምዘይ ኮነ፡ እንታይ ደኣ ካብ ሓደ መድረኽ ናይ ቃልሲ፡ ናብ'ቲ ካልእ መድረኽ ናይ ቃልሲ ምስግጋር ጥራሕ ምኳኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ'ዩ። መሳኺ ስርዓት ህግደፍ ብምድምሳስ ጥራሕ ንበይኑ ኩሉ መዳያዊ ጸገማት ናይ ህዝብታትና ክፍታሕ ስለዘይክእል። ጸላኢ ምድምሳስ ወይ ምልጋስ ጥራሕ መሰረታዊ ፍታሕ ዘምጽእ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ህዝብታት ኤርትራ መግዛእታዊ ሓይሊ ብምድምሳስ ብዘረጋገጹዎ ሃገራዊ ነጻነት ሽግራቶም መሊኡ ምተፈትሐን ምተወገደን ነይሩ፣ ግን ኣይተወገደን። ምኽንያቱ ነጻነታዊ ሕቶ ብቑኑዕ ህዝባዊ መስመርን ዕላማን ተሰንዩ እንተዘይተረጋጊጹ፡ ሃገር-ለኸ ሰላም፣ ዲሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ሓቀኛ ናይ ህዝብታት ማዕርነት፣ ልምዓትን ዕብየትን ፈጺሙ ክውን ክኸውን ስለዘይክእል። ናይቲ ዝሓለፈ ህዝባዊ ቃልስና ተመኩሮ ከምኡ ስለዝነበረ'ዩ ድማ፡ ህዝብታትና ድሕሪ ናጽነት ኣብ ትሕቲ ስዉር መግዛእቲ ተቖሪኖም ግዳይ ኩሉ መዳያዊ ወጽዓታት ኮይኖም ሓሳረ-መከራኦም ዝርእዩ ዘለዉ። ስለዚ ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልስና ነቲ ድሕሪ ምድምሳስ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዝህሉ ፖለቲካውን ቁጠባውን... ኩነታት ካብ ብሕጂ ክሓስብሉን ቅድመ ኩነታዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ከካይድሉን እዩ ዝግባእ። ኣብ መጻኢ እንታይ ዓይነት ስርዓትን ናይ መን መንግስቲ ይህሉን ዝብሉ ኣገደስቲ ጉዳያት ኣነጺሩ ብምቕማጥ ክቃለስ እንተዘይክኢሉ፡ ነቲ ዝሓለፈ ታሪኽ ምድጋም'ዩ ዝኸውን።

ስለዚ ሓርነታዊ ቃልስና ነቲ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘሎ ድኽመታት ብእሩም ቃልሲ እንዳወገደ፡ ንዘይመሰረታዊ ፍልልያቶም ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ እንዳጻበበን፣ ንመሰረታዊ ፍልልያቶም ድማ ብዲሞክራስያዊ መንገዲ እንዳመሓደረን፡ ናይ ጽባሕ ኤርትራ ንህዝባ ትጠቅምን ትምችእን ሃገር ንምግባራ ጥጡሕ ባይታ እንዳፈጠረ፡ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ንፖለቲካዊ ጥቕሙ ክብል ኣተኣታትዩዎ ዘሎ፡ መርዛም ዘርኣውን ቦታውን ስምዒታት ብቃልሲ ከብልዮን ናብ ሓድሽን ምዕቡልን መድረኽ ከሰጋግሮ ይህልዎን ይግባእን። ህዝብታትና ድማ ንሃገራዊ ሽግራትና ዝፈትሕን ዘውሕስን ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መስመርን ዕላማን ስለዝኾነ፡ ነዚ መስመር'ዝን ዲሞክራስያውያን ሓይልታቱን ብክፉት ኣእምሮን ንቕሓትን ብምቕባል፡ ኣብ ጎኖም ብምስላፍ ንድሕነቶም ድሕነት ሃገሮምን ኣበርቲዖም ዝቃለስሉ እዋን ሕጂ ስለዝኾነ፡ መሰረታውን ዘላቕን ለውጢ ንምምጻእ ክስለፉ ይግባእ። ምኽንያቱ መሰረታዊ ለውጢ ንእሰያስን ንሱ ዝመርሖ ወተሃደራዊ ስርዓቱን ብምውጋድ ጥራሕ ዝረጋገጽ ስለዘይኮነ።

ሚዛን ሓርነት
22/10/004